# ኣል ዳዕዋ

ብማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ እትዳሎ መጽሔት ቁ:39 07.2006 http://www.aldawa.de

## *ፉልዳ በዓልቲ ቅያ*

## 15.-18.06.2006

**ፉልዳ በዓልቲ ቅያ**
**ካብ ኩለን ከተማታት ሽምኪ ጎሊሓ ተራእያ**

**ኣብ ማእከል ኣውሮፓ ግርማ ዝዓሰላ**
**ንሰለስተ ዓመታት ቃል ረቢን ረሱልን**
**ንኽንሰምዕ ዝተኣከብናላ**
**ካብ ሩሕቅ ካብ ቀረባ ናብኣ ንምብጻሕ**
**ዝተሃንጠናላ**
**ኩሉና ሙስሊሚን ብዘይ ምፈልላይ**
**ዝተወሃድናላ**
**ንመብል ሻዱሻይ ግዜ ሙእተመር ዘኽበርናላ**
**ጽባሕ ክትምስክረልና እያ ኣብ ቅዲሚ**
**ረብና**
**ምስቶም ረቢ ዝነወሮም መሻይኽና**
**ካብ ነዊሕ መንገድ ዝመጹ ምእንቲ ረብና**
**ኣብ ሚዛን ሓሰናቶም ኣጅሪ ይኽተበሎም**
**ንብል ብሓባርና**
**ሸኽ ፋይድ ሸኽ እስማዒል ምስ ሸኻይት**
**ሓፍትና**
**ናይ ጥዕና ኣስተምህሮ ዝሃበና ዶክተር**
**ኢብራህም ሓውና**
**ብዙሕ ደኺሞም ጊዜኦም ኣጥፊኦም**
**ንክበዕሉሙ ነዓና**
**ብዛዕባ ዲንና ክንዛተ ሓራምን ሓላልን መሚና**

ኣብ ገጽ 2 ይቕጽል →

**ርእሰ ዓንቀጽ**

## *6. ዓመታዊ ሙእተመር*

**እቲ ብቡዙሕ ሃንቀውታ እንጽበዮ ዝነበርና ሙእተመር ኣብቲ ዝተመደበሉ ዕለት ልክዕ ብሓሙስ ዕለት** 15/06/06 **መስርሑ ጀሚሩ ። እዚ ንምስልሳል ፈጻሚት ሽማግሌ ድሮ ብሮቡዕ ኣትያ ኩሉ ኣድላይ ምድላዋት ድሕሪ ምግባር ሓሙስ ንመሰረት ኣቀዲሙ ዝተላእከ ጸብጻባት ኣብ ምዕዳል መደቀስን መንጸፋትን ተዋፊረት። ኣብ ጎኒዚ ኣብ ምቅባል ኣጋይሽ ዝተዋፈሩ ኣባላት ምግቢ ብምድላው ዝውሕዙ ዝነበሩ ኣባላትን ኣጋይሽን ጥምየቶም ብምዕንጋል ናብቲ ስዒቡ ዝመጽእ ዝነበረ መደባት ምስስግጋር ኮነ ።**

ኣብ ገጽ 2 ይቕጽል →

**ትሕዝቶ ሕታም**

**ፉልዳ በዓልቲ ቅያ**..1,2,10

6.**ዓመታዊ ሙእተመር** …………………1.10
.**ዘይንርደኦ ቃንቃ**........3,4,5

.**ሰይድና ኣደም**…….. 5,8,10
**ኣትወኩል ዓለልላህ**………6
**ኣቡ ሁሬራ**…………………7
لعلك تتعظ يابن آدم........11
***Der Weise Junge Muslim ……………….13***
***Kinder Seite……………15***

ፋልዳ በ……………

ኣረሱል ሰ/ ወ/ወ ከምዝበሉና
*ወመን ሰለካ ጠሪቀን የልተሚሱ ፊሃ ዒልመማን*
*ሰሃለላሁ ለሁ ጠሪቀል ጀንና*
ኣየ ዝሓለፈ ዕልሚ ብርሃን ዝመለአ ጸረ ድንቁርና
እንታይ እሞ ክኸውን መዓልቲ እንዶ ሓጽሩና
ኣክንዲ ሳልስቲ ሰሙን እንተተኸውን ዶ መሓሸና
ዝበለጸ ክንጥቀም ካብቶም ዑላማእ ኣሕዋትና
ነዚ ፕሮግራም ንምድላው እጃሞም ዘበርከቱ ብጾትና
ባረካላህ ፊኩም ኣጂሪ ይኽተበልኩም ንብል ደጋግምና
ሓንቲ እዶ በይና ኣይተጣቅዕን እያ ከምዝበሃል
መሰል ናይ ዓዲና
ካብ ሓዲስ ኣረሱል ሰ/ወ /ወ ንእሽተይ ቁንጥር
ኣቢልና
*መንላ የሹኩሩ ሓናላ ላየሹኩሩላህ ከምዝበሉና*
ንቶም ክይተሓለሉ ኣጂር ንምኽሳብ ዝጊየዩ ዘለው
ኣሕዋትና
ምስጋና ይብጻሕኩም ብኩሉ መዳያት ረቢ ኣዐዊትና
ካብ ዓሚ ኣትሒዞም ዝጻዓሩ ሁርኪታት እሕዋትና
ተጂዊድ ቁርኣን ኣቃርኣ ምስቲ ጡዑም ቃና
ካብ ዝሓለፈ ለብዘበን ብዙሓት ቀራእቲ ኣፊርና
እዚ ኻኣ ወለዶም ኣብ ገዛ ስለ ዝሓገዙና
ገለ ኣሕዋትና ድማ ብዛዕባ ዓንድታት እስልምና
ብትያትር መልክዕ ኣቀናቢሮም ዘቅረቡልና
ብጣዕሚ ዝናኣድ እዩ ንምስፊሕፋሕ ዲንና
ነዚ ኩሉ ሕዝቢ ቁርስን ምሳሕን ድራርን ዘዳለው
ኣሕዋትና
ንጃዕፈር ምስ ተሓባበርቱ ብዝያድ ንሙጉሶም ካብ
ልብና
እዚ ኹሉ ድኻምን ምስቲ ሓያል ሙቀት ዝተጻወሩ
ምእንታና
ንዓናን ንደቂናን ጥምየት ንክይስማዓና
ረቢ ቅዋ ይሃብኩም ንብል ክብድና ምስ መላእና
ብናይ እስፖርት መዳይ ብዙሕ ጻዕሪ ዝገበሩ ኣሕዋትና
ንደቂና ዓቢ ትምህርቲ እዩ ሃናጺ ኣካላትና
ኣብ ገጽ 10 ይቕጽል




*መጽሔት ኣልዳዕዋ ብማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ ኣብ ሃገረ ጀርመን እትዳሎ መጽሔት እያ።*
**ኣድራሻ:**
Gis e.V.
P.O.Box 101344
42103 Wuppertal
Germany

መርከዝ ቢላል:
Montanus Str.76
51065 Köln
Bank:
Deutsche Bank A.G.
Wuppertal
KontoNr. 280 29 08 00
BLZ 330 700 24

## ለበዋ

ክቡር ኣንባቢ መጽሔት ኣልዳዕዋ

ኣብ መዳይ ጽሑፍ እጃምካ ከተበርክት ንላበወካ።
ንእስላማዊ ትምህርቲ ዘንጸባርቕ ዝኾነ ሓሳብ ወይ ርእይቶ ዋላኳ ትርጉም ናይ ሓንቲ ጥቕሲ ቁርኣን ትኹን ካብ ምጽሓፍን ምስታፍን ኣይትቆጠብ።
ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ:

(በሊቑ ዓኒ ወለው ኣያ)
ወላኪ ሓንቲ ጥቕሲ ኣያ ትኹን ኣብጽሑለይ።

ብተወሳኺ ዝኾነ ነቐፌታን ንጉድለታትና ዝእርም መኣረምታን ሓሳብን ከተወፉዩልና ብትሕትና ነሓተኩም።
ናብ ረቢ ዳዕዋ ምግባር ናይ ኩላትና ሓላፍነት ከምዝኾነ ኣይንረስዕ።

## መተሓሳሰቢ

ኣብ መጽሔትና ናይ ቁርኣን ጥቕስታት ኣያት ስለ ዘሎ ብጽቡቕን ብጥንቃቐን ክትሕዝዎ ንላቦ። ከምኡ እውን ዝኾነ ኣብ መጽሔት ኣልዳዕዋ ዝቐርብ ጽሑፍ ናይ ጸሓፊኡ ርእይቶ እዩ ዝውክል።
ከምኡ እውን ናይ ዝኾነ ምስትርጓም ናይ ቁርኣን ወይ ኣሓዲስ ዝርከብ ጌጋታት ሓላፍነት ዝስከሞ እቲ ደራሲኡ እዩ።

# *ዘይንርደአ ቃንቃ*

*ብሼኽ ኢብራሂም ስራጅ*
*ካላኣይ ክፍሊ*

እቲ ካላኣይ (ሳልሕ) ታቢዒ "*ሹሬሕ ኣልቃዲ*" ይባሃል ።
ብመኖም ክድነቅ? ብዑመር ኢብኒልኽጣብ ወላ ብሹሬሕ? ዑመር ሓደ ፈረስ ካብ ሓደ ሰባይ ገዚኡ ገንዘቡ ኣረከቦ ግን ተፋላልዮም ቁሩብ ምስ ከደ ዑመር እቲ ፈረስ ቁሩብ ናይ ኣካለሱንኩልነት ራኣየሉ'ሞ ተመሊሱ ነቲ ሰብኣይ ዘይጥዑይ ፈረስ ሸጥካለይ ገንዘበይ ምለሰለይ በሎ:: እቲ ሰባይ ግን ኣነ ገንዘብካ ኣይመልሰልካን እየ ክብል ተሰሓሓቡ'ሞ ናብ ፍርዲ ንኺድ ኢሎም ናይቲ ሃገር ቃዲ ካኣ „ሹሬሕ ኣልቃዲ" እዩ ነይሩ :: ኣሕዋት ኣጸቢቅኩም ተመልከቱ ዑመር ኣሚር ኣልሙእሚኒን እዩ ሹሬሕ ተራ ቃዲ እዩ :: ዑመርን እቲ ሰባይን ምስ ቀረቡ ሹሬሕ ንዑመር ከምዚ ክብል ሓተቶ „ያኣሚረልሙእሚኒን እቲ ፈረስ ክትወስዶ ከሎኻ ጉድለት ነይርዎ'ዶ? ኢሉ ሓተቶ ዑመር ድማ ምስተፋላኣና እየ ኣስተባሂለሉ በሎ:: ሹሬሕ ያኣሚረልሙእሚኒን ወይ ፈረስካ ሓዝ ወይ እቲ ፈረስ ከምቲ ዝተረካብካዮ ብጥዑዩ ምለሶ ኢሉ ፈረዶም:: ብድሕሪኡ ዑመር ኣብዚ'ነሆ እምበር ፍርዲ ቁርጽ ዝበለ ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ዘይብሉ ኣሚርን ተራሰብን ብዘይ ፍርሓት ፍትሒ ዝረኽብሉ ኢሉ ዑመር ከምዚ ዝስዕብ ውሳነ ኣማሓላለፈ:: ሹሬሕ ካብዚ መንበርካ ተስእ ንስኻ የማናይ ኢደይ ኮንካ ናይ ሙሉእ ዒራቅ ቃዲ (ፈራዳይ) ክትከውን ይግባእ ኢሉ ንዒራቅ ሰደዶ :: ብመኖም ንደነቅ? !! ሹሬሕ ክገርመኩም ኣብ ፍርዲ ክይተጋገየ ምስ ሓደ ሰብ ጽልኢ ከየሕደረ ንሱሳ (60) ዓመት ናይ ዒራቅ ፈራዳይ ኮይኑ ኣሕለፎ ::

ካብቲ ዘገርም ፍርድታቱ ሓደ ጊዜ ሰይድና ዓሊ ኣሚር ኣልሙእሚኒን ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ ባዕሎም ሰይዱና ዓሊ ምስ ሓደ የሁዲ ተኻሲሶም እቲ የሁዲ ናብ ፍርዲ ቤት ክሲስዎም ናብ ሹሬሕ መጹ እቲ ጉዳይ ሓንቲ ኣብ ውግእ ዝጥቀሙላ ዝነበረት (ዋልታ) ናይ ሰይድና ዓሊ ምስቲ የሁዲ ስለዝጸንሐት እዚኣ ዋልታ ናተይ እያ ክብሉ ሰይዱና ዓሊ ነቲ የሁዲ ኣመልከትዎ:: ንሱ ኻኣ ኣይፋልካን እዚኣ ናተይ እያ ኣብ ኢደይ እናራኣኻያ በሎም :: እታ ዋልታ ብርግጽ ናይ ሰይድና ዓሊ ኢያ ግን እዚ የሁዲ ብዓመጽ እዩ ወሲዱዋ:: ዝኾነ ኾይኑ ናብ ሹሬሕ ተኻሰሱ:: ሹሬሕ ንኽልቲኦም ኣብ ህዝቢ ዝታኣከበሉ ዓብይ ኣዳራሽ ናይ ፍርዲ ደው ኣቢሉ ንኽልቲኦም ምስ ሓተቶም ነፍሲ ወከፍ እታ ዋልታ ናቱ ምኻና ይዛረብ:: ግን ሹሬሕ በታ ናይ እስላም ሕጊ መሰረት ንዓሊ ክልተ ምስክር ኣቅርብ በልዎ ንሱ ኻኣ እነሀዉ ሓሰን ወደይን ቀንበር ናተይ ኣገልጋልን ይምስክሩ በሎ: ሹሬሕ ግን ኣንታ ዓሊ ዉሉድ ንወላዲኡ ምስክር ኣይበቅዕን እዩ ክብሉ መለስሉ: ዓሊ ኻኣ (ሱብሓነላህ ሓደ ወዲ ጀንና ዝኾነ ምስክር ኣይብቅዕን ? መን ዳኣ እዩ ምስክር ዝበቅዕ ) ኢሎም እናተደነቁ መለስሉ:: ኣስዒቦም ኣንታ ሹሬሕ ነቢይና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ሓሰንን ሑሴንን ናይ ደቂ ጀንና መእሰያት ጎይቶት እዮም ክብሉ ምግላጾም ኣይበጽሓካን'ድዩ ኢሎም ሓተትዎ ? ንሱኻኣ እፈልጥ እየ ግን በቲ እስላማዊ ሓጊ መሰረት ናይ ዉሉድ ምስክር ንወላዲኡ ኣይቅበልን እየ ክብል ጽኑዕን ደረቅን መልሲ መለስሎም ::

እዚ ኩሉ ኣብ መንጎ ዓልን ሹሬሕን ዝባሃል ደሎ እቲ ይሁዲ ይሰምዕ ኣሎ:: ብጣዕሚ ተደኒቁ ደንዚዙ ኣሎ: ኣስዕብ ኣቢሉ ዓሊ ኣንታ የሁዲ መሰኻኽር ስለዘይብለይ እዛ ዋልታ
ኣብ ገጽ 4 ይቕጽል

## ዘይንርደኦ …………

ናትካ እያ ውሰዳ ምስ በሎ እቲ የሁዲ ግልብጥ ኢሉ በል ዓሊ እዛ ዋልታናትካ እየ ሓደ ግዜ ኣብ ውግእ ዊዒልካ ክትምለስ እንከሎኻ ካብ ፈረስካ ወዲቃ ኣልዒለ ወሲደያ በሎ: ኣስዒቡ ካኣ ኣነ'ኮ ከምዚ ዓይነት ከብድካ ዝገላብጥ ሓንጎልካ ዘናውጽ ቁኑዕ ፍትሒ ክሰምዕ ኢለ ኣይተጸበኹን:: ኣሚር (መራሒ ሃገር) ምስ ሓደ የሁዲ እሞ ድማ ምስ ኣስላማይ ከይከውንሲ ምስ ሓደ የሁዲ ተኻሲሱስ ቁኑዕ ፍትሒ ክወስድ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ምርኢት እየ ዝርኢ ዘሎኹ ክብል እናተደነቀ መለሰ:: ምስኡ ኣታሓሒዙ ከይዘንገዐ በሉ ኢሉ ( ኣሽሃዱ ኣልላ ኢላሃ ኢልለላህ ወኣሽሃዱ ኣንነ ሙሓመደን ረሱሉልልህ) ኢሉ ኣብ እስልምና ኣተወ::

ካብዚ ንላዕሊ ዘገርም ካኣ ሰይዱና ዓሊ በል ካብ መስለምካ እታ ዋልታ ንዕኻ ሂበካ ኣለኹ : እዛ ፈረስ እዚኣ ካኣ ሂያብ ንዓኻ እያ ኢሎም ጽብቕቲ ፈረሶም ሰይዱና ዓሊ ነቲ የሁዲ ሃብዎ:: እቲ የሁዲ „ ወይጉድ መሓመድ ቁዱስ ትካላት ገዲፉ ከይዱ እናበለ“ ዋልታን ፈረስን ሒዙ ተመለሰ:: መበገሲ ናይዚ ኣብ ዓለም ተዋዳዳሪ ዘይብሉ ምርኢት ናይ ሹሬሕ ቁኑዕ ፍትሒ ምኻኑ ንርዳእ ::

ናይዚ የሁዲ ቁኑዕ እስልምና ምኻኑ ክንርዳእ ቁሩብ ጊዜ ኣይሓለፈን እዚ የሁዲ ኣብ ጎኒ ናይ ሰይዱና ዓሊ ኮይኑ ኣብ ሓደ ከቢድ ውግእ ንእስልምና እናተኻላኸለ ተሰወአ ::

ናይ ሱሬሕ ታሪኽ ኣይውዳእን እንድዩ: ሓደ ጊዜ ካኣ ወዲ ሹሬሕ ምስ ሓንቲ ቀቢላ ተጋራጭዩ ናብ ኣቡኡ መጺኡ ኣቦይ በሎ „ ኣነስ ምስ እንዳ እገለ ተኻሲስና ናባኻ ክንመጽእ ደሊና ኣሎና (መቸስ ንፈልጥ ኢና ሹሬሕ ናይቲ ሃገር ፈራዳይ ምኻኑ):: ኣቡኡ ካኣ እንታይ ኮንኩም ክብል ሓተቶ ወዱ ካኣ ኣቦይ ኣነ እታ ጉዳይ ክነግረካ እየ: ኣነ ዝዕወተላ እንተኾይነ ክሽሶም ንሳቶም ዝዕወቱላ እንተኾይኖም ከይደ ክዕረቐም ኢሉ እታ ጉዳይ ኣዘንተወሉ:: ሹሬሕ ካኣ ክሰሶም በሎ: ግን ከሲሱ ምስ ኣቕረቦም ሹሬሕ እታ ጉዳይ ፈሊጡዋ ስለዝጸንሐ ብቁኑዕ ፍትሒ ንወዱ ባዓል ገበን ገይሩ ነቶም ሰብ ነገሩ ከምዝረትዑ ኣዊጁ እቲ ዝግበኦም ሓቅን መሰልን ኣብ ክንዲ ወዱ ኮይኑ ንሱ ከፈሎ:: ወዱ ብዙሕ ተባሳጨወ ንሳቶም ምስከዱ ካኣ እንታይ ዳኣ ኮንካ ኣቦይ ኣቀዲመ እንተዘይነግረካ እካ ኣይምተቀየምኩልካን ምስ በሎ ሹሬሕ ካኣ ኣንታ ወደይ እቲ ጉዳይ ምስ ነገርካኒ በዳሊ ንስኻ ምኻንካ ተረዲኤ ግን ኪድ ታዓረቆም እንተ ኢለካ ናቶም ሓቂ ክጠፍኦም ምኻኑ ስለዝፈልጥ ኣብ ጌጋ ከውዕለካ ኣይደለኹን በሎ:: ኣስዒቡ ካኣ ወደይ በሎ ጽባሕ ኣብ ቅድሚ ጎይታ ደው ኢልካ ፍርድኻ ካብ ምውሳድ ናይዛ ዓለም እዚኣ ፍርዲ ይሕሸካ ወላ ጸላዕላዕ እንተበለክ በሎ::

እዚ ጥራሕ ማዓስ ኮይኑ ሹሬሕ ካብዚ ንላዕሊ ዘደንቕ ነገር ኣርእዩ እዩ:: ሓደ ጊዜ ሓደ ካብቶም ደቂ ሹሬሕ ንሓደ ዝተኸሰ ሰብ ተዋሒሱ ካብ ማእሰርቲ ምስ ኣውጸኦ እቲ ሰብኣይ ግን ሓደ ተንኮለኛ ሰብ ስለዝነበረ ሃዲሙ ናብ ካልእ ሃገር ጠፊኡ እቶም ሰብ ሃገር ካኣ ናብቲ ፈራዳይ ጠርዑ'ሞ እቲ ፈራዳይ ካኣ ከምዚ ኩላትና ንፈልጦ ሹሬሕ ባዕሉ እዩ :: ሹሬሕ በታ ዘላ ሕጊ ንወዱ ተኸሳሲ ኮይኑ ኣቕረቦ በታ ሕጊ ካኣ ኣብ እስርቤት ንኻኣቱ ፈረዶ ::
ወዲ ሹሬሕ ቃዲ ኣብ እስሪቤት ኣትዩ እቲ ዘደንቕን ከብድኻ ዝበልዕን ግን ተግባር ናይ ሹሬሕ እዩ:: እንታይ ገይሩ ሹሬሕ ኢልና እንተሓቲትና ሹሬሕ ማዓልቲ ማዓልቲ መግቢ ሒዙ ናብቲ ማእሰርቲ ናብ ወዱ እና ኸደ እና ኣብለዐ እና ኣኾለሰ ካጻናኖዖ ይረአ ነበረ::

ኣብ ገጽ 5 ይቕጽል

*ዘይንርዶ…………*

*ሕቶ፡ ንምንታይ ኢልና እንተሓተትና እቲ ኣቡኡ እንኮሎ ንወዱ ኣብ ማእሰርቲ ምእታዉ (ጉዳይ ናይ ፍትሕን ጉዳይ ናይ ምፍራሕ ) እዩ እቲ ንእስሪቤት መግቢ ሒዙ ንግሆ ንግሆ ምጉያይ ካኣ ርህራሄ ናይ ወላዲ ንውሉዱ እዩ፡፡ እዝን ከምዚ ዝኣመሰለን እንድዩ ንሹሬሕ ክሳብ ሎሚ ክዝከር ዘብቅየ ንመልክት እዚ ጉዳይ እዚ* 1400 *ዓመት እዩ ገይሩ ግን ናይ ትማሊ ዛንታ ይመስል* ፡፡

*ሹሪሕ ኣብ መንበር ናይ ፈራዳይ ኮፍ ኢሉ ክፈርድ ከሎ ኩሉ ጊዜ ካብኡ ዝስማዓ ቃላት ነይረን፡፡ ንሳተን ካኣ ሓደ ከሳሲ ሓደ ተኸሳሲ ክልተ መሰኻኽር እንተተቀሪቦም መጀመርያ ነቶም መስከርቲ ከምዚ ይብሎም ነበረ (( ኣንቱም መስከርቲ ንስኹም እኮ ኣብ ሞንጎይን ኣብ መንጎ ጃሃነምን ዓብይ ዋልታን መንደቅን እኮ ኢኹም ይብሎም ንስኻትኩም ብዝመስከርኩሞ ስለ ዝፍረድ ተጠንቀቁ ኣንታ ዝምስክረልካ ዘሎ ኻኣ ተጠንቀቅ ገበነኛ ምኻንካ በሪሁለይ ኣሎ ግን መሰኻኽር ስለ ዝቀረቡ ሓንቲ ክገብር ኣይክእልን እየ፡ እናበለ በቲ ምኽሩ ክንደይ ብሓሶት ክምስክሩ ይመጹ’ሞ ነዚ ምስ ሰምዑ ይምለሱ ነበሩ፡፡*

*ካብቲ ኣዝዩ ዘደንቅ ናይ ሹሬሕ ተግባራት ኣብ ረቢ ዝነበሮ ተውኩልን እምነትን እዩ፡፡ ሓደ ካብቶም ብጾቱ ኣነስ ኢሉ ሓደ ሽግር ረኺቡንስ ንሓደ ዘመደይ ከምዚ እምበር ኮይነ ኢለ ሓዘነይ ክካፍሎ ሹሬሕ ሰሚዑኒ በዛ ኢደይ ሒዙ ካኣ ናብ ደገ ወሰደኒ’ሞ ከምዚ ክብል መኸረኒ፡፡ ኣንታ ወዲ ሓወይ ንሰብ ወዲ ሰብ ድኹም ፍጥረት ሓንቲ ክገብር ዘይክእል ሓዘንካ ትገልጸሉ? ዝካኣሎ ጎይታ ኣብ ቅድሜኻ ኮይኑ ሕተቱኒ ሽግርኩም ግለጹለይ ኣነ እየ ጎይታ ዝህብን ዝኸልእን ሩህሩህ ሓዛኒ ጎይታ እናበለስ ንዑኡ ገዲፍካ ንሰብ ኣይትሕተት ንወዲ ሰብ ሽግርካ እንተ ጠራዕካሉ’ኮ ካብ ክልተ ሓንቲ እያ ፈታዊ እንተኾይኑ ሽግርካ ክፈትሓልካ እንተዘይኪኢሉ እቲ ጉዳይ ከሕዝኖ እዩ ስለዚ ሓደ ጥራሕ ሓዝኒ ኔርካ ሕጂ ሰብ ለኪምካ ምሳኻ ክሓዝን እዩ፡፡ ጸላኢ እንተኾይኑ ካኣ ብሓዘንካ ክሕጎስን ክሕጭጭን እዩ፡፡*
*ኣንታ ወዲ ሓወይ ኣብ ነብሰይ ዘሎኒ ሓደ ሚስጢር ክካፍለካ በለኒ፡ ኣኒ እዛ የማነይቲ ዓይነይ ዕውርቲ ምኻና ሓደ ሰብ ዝፈልጥ የልቦን ክገርመካ’ካ ዳኣስ ወላ ስድራቤተይ ኣይፈልጡን እዮም ኣነ ግን እዛ ዓይነይ ካብትጉዳእ* 15 *ዓመት ክይንዋ ኣሎ ንማንም ሰብ ኣይጠራዕኩልን ብጀካ ነቲ ዝፈጠራ ጎይታ ፡ ንዓኻ ዝነግረካ ደለኹ ካኣ ትዕግስትን ሰብርን ክትገብር ደልየካ እየ በለኒ፡፡ ኣስዕብ ኣቢሉ ካኣ ኣይሰማዕካን ዲኻ ናይቲ ሳልሕ ዝኾነ ዓብድ ሰይድና ያዕቆብ ኣዘራርባ* (إنمـــا اشكـــو بثي وحـــزني إلى الله) *ዝበሎ ረቢ ኣብ ቁርኣን ዘስፈሮ ቃል* ፡፡

*ኣሕዋት ክይነውሓና ናይ ሹሬሕ ኣልቃዲ ኣብዚ ነሕጽር ምኽንያቱ ታሪኹ ኣዝዩ ምቁርን ማኣዛ ዘለዎ ነይሩ ግን ኣብዚ ንድምድም* ፡፡

*<u>ሓውኩም ኢብራሂም ስራጅ</u>*

# *ኣቡና ኣደም ኣብ ማዕሲያ*

*ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና መጀመርያ ንረብቢ ዝዓሰየ ( ዘንቢ ዝፈጸመ) ሽይጣን ረብቢ ይንዓሎ ምኻኑ ተረዲእና ኔርና*

*፡፡ናይ ሕጂ ጽሑፍና ድማ ኣቡና ኣደም ከመይ ገይሩ ኣብ ማዕሲያ ከምዝጠሓለ ክንርኢ ኢና*
፡፡

*ሽይጣን ረብቢ ይንዓሎ ከወስውስ ጀመረ እዚ ምውስዋስ እዚ ኣብ ጀንና እዩ ተፈጺሙ፡፡

ኣብ ገጽ 6 ይቕጽል

ድሕሪ ብዙሕ ጊዜ ኣቡና ኣደም ምስ ስትና ሓዋእ ኣብ ጀንና ምስ ተቐመጡ ብሓይሊ ረቢ::
ኣላሁ ዓዘወጀል ይብል

**وقُلْنا يا آدم اسكُن أنت وزوجك الْجنةَ وكُلا مِنها رغَداً حيثُ شِئْتم**

**((ወቑልና ያ ኣደሙ ኡስኩን ኣንታ ወዘውጂካል ጀንና ታ ወኩላ ሚንሃ ረቐደን ሓይሱ ሽእቱማ ))**

*ሓፈሻዊ ትርጉም:*

*ኣላሁ ዓ/ወ ይብል: (ኦ ኣደም ንስኻን ሰበይትኻን ኣብ ጀንና ከምድላይኩም ብደስታ ብሓጎስ ብምቑት ተቀመጡ) ካብ ሽሻይ ብልዑ ካብ ዝደለኹሞ ብዘይድኻም ብዘይጻዕሪ




## <u>ኣተወኩል ዓላላህ (ኣብ ኣላህ ምጽጋዕ)</u>

<u>ብኡሙ በክሪ</u>

### ቢስሚላሂ ወልሓምዱሊላሂ ወሰላቱወሰላሙ ዓላ ረሱሊላሂ ሰ.ዓ.ወ

ኣሰላሙ ዓለይኩም ወራሕመቱልላሂ ወበረካቱሁ ኩላትኩም ኣሕዋት ኣሰናዳእትን ተኸታተልትን መደብ መጽሔት ኣልዳዕዋ:

ኢዛስተዓንታ ፈስተዒን ቢላህ ወኢዛ ሳኣልታ ፈስኣሊላህ ( ክትጽጋዕ ተኾይንካ ናብ ረቢ ተጸጋዕ ክትሓትት ተኾይንካ ንረቢ ሕተት)::

እወ ካብ ረቢ ዝቐርበናን ዝሓልየልናን ዝርሕመልናን ከምዘየለ ኩላትና ንፈልጦ ሓቂ እዩ::
እቲ ሽግር ግን እቲ ተወኩልና ናብ ረቢ ካብ ልብና ሚእቲ ካብ ሚእቲ ኣይኮነን::
ብኣፍና ንገብሮ ዱዓን ኣብ ልብና ዘሎ ተወኩል ናብ ረብን ኣይራኸብን እዩ::
ዱዓ በገባብ ማለት በቲ መገዲ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ዝጥቀምሉ ዝነበሩ እንተንጥቀም ብኒያ ጽሩይ ብዘይ ወስዋስ ናብ ረቢ ሱብሓነሁ ወታዓላ እንተንውከል ምፈለጥና ኔርና ከመይ ረቢ ንዓና ረሒም ምኳኑ::

እምበኣር ውጺኢት ናይ ኣተወኩል ዓላላህ ኣብዚ ቀረባ እዋን ዝተረኽበ ኣብ መስሪ ኣብ ናይ ኢቕራእ ብዓምሩ ኻልድ ዝተሓላላአፍ ፕሮግራም ዝሰማዕክዎ እዩ::
ሓንቲ ሰበይቲ:ሰብኣያ ምስቲ ዓቢ ወዱ ሰላተልዒሻእ ክሰግዱ ከይዶም ኣምሲዮም እቲ ንእሽቶይ ቆልዓ ሃንደበት ሓሚሙ ረስኒ በርቲዕዎ ኣደኡ ሰንቢዳ ሚሽት ምድሪ ናብተብሎ የብላን ሱብሓነልላህ :ረቢ ኢማኑ ከንጥበልካ ኸሎ ጽቡቕ እዩ::ውድኣ ጌራ ያረቢ ካባይ ንላዕሊ ንዓኻ ይቐርበካ ከተሕውዮ ተኾንካ ባዕልኻ ክትወስዶ

ኣብ ገጽ 7 ይቕጽል

**ኣተወኩል..........**

ተኾይንካ ድማ ንስኻ ኢኻ ሂብካኒ ሓስቢየልላሁ ወኒዕመልወኪል ኢላ:ዱዓ ጌራ ኽትውድእን ማዕጾ ጭሮ ክብልን ሓንቲ:ማዕጾ እነኸፈተት ሰብኣያ መሲልዋ ዶክቶር ቦርስኡ ተሰኪሙ:ኣይነልመሪድ( ኣበይ ኣሎ እቲ ሕሙም)ኢሉዋ :ሓቢራቱሉ ገሪምዋ:ምስ ወደአ:ሓቀይ ምሽ ቁ:ገዛ 24 እዩ:ኢሉ ምስ ሓቲትዋ::ኣይኮነን ተጋጊኻ ቁ:26 እዩ:ኢላቶ:: እቶም ንደክቶር ዝጸውዕዎ ቑ:ናብ ቁ 24 እዩ ኔሩ::

ሱብሓነልላህ ረቢ እኮ:በቲ ድላዩ መንገዲ ጌሩ እዩ:እቲ ድላይካ ዝህበካ:ካባና ዝደልዮ ብጆካ ብንጹህ ልቢ ዱዓ ጌርካ ናብብኡ ምውካል  ብተወሳኺ ረቢ ዝፈትዉ ስራሕ ምብዛሕ::

ኢንሻኣላህ ረቢ ካብቶም ሓቀኛ ሙእሚኒን ይግበረና::

ወልላሁ ኣዕለም::

# *ሲረት ሓያቱ-ሳሓባ*

## *ታሪኽ ኣቡ ሁሬይራቱ (ኣልደወሲዩ)*

ብፎዚያ  ሓሰን

*ኣቡ ሁረይራ ካብ 1600 ንላዕሊ ሓዲሰ ረሱል ሰ/ወ/ወ/ ንኡመል ኢስላም ሓፈሳ:*ብዘይምጥርጣር ንፈልጥ ዶ ? እዚ ኮኾብ ዝኾነ ካብ ሳሓባ-ረሱል ሰ/ወ/ወ/ *ከምኡውን ኣሎ ዶ ኣብ ኡመትል ኢስላም ንኣቡሁረይራ ዘይፈልጥ ?

ኣብ ጊዜ ጃህልያ ዓብድሸምሽ ተባህሉ ይጽዋዕ ነበረ ::ኣላሁ ዓዘወጀል ናብ እስልምና ምስኣክረሞ ምስ ረሱል ሰ/ወ/ወ ምሰተራኸበ ከም ዝስዕብ ሓተትዎ መን ሽምካ ዓብደሸምሽ ኢሉ መለሰ ኣረሱል ሰ/ወ/ወ/ ድማ በል ዓብድራሕማን በልዎ እወ ( ሕራይ) ዓብድራሕማን’’ኣንታ ኣቡይ ወኡሙይ ያረሱለላህ’’ እሉ ሓድሽ ሹም ተቀበለ ::

ብዛዕባ ምኽንያት ሳጉኡ ግን ብንእሽትኡ ከሎ ንእሽቶይ ድሙ ነበረቶ ምስኣ ይጻወት ነይሩ:: በዚ ከኣ ኣብሁረይራ ዝብል ቅጽል ሽም ሃብዎ: ብቡዙሕ ምዝውታራ ክሳብ ሽሙ ዝቅየር ኮነ ከምኡውን ኣረሱል ሰ/ወ/ወ : ብብዝሒ ኣቡ ሁረይራቱ ኢሎም ይጽውዕዎ ነበሩ:

’’ናዳኒ ቢሃ ሓቢብ ረስሉላህ’’ ይብል ኣቡ ሁረይራ’’ሓ /ት በኣ ጸዊዑኒ ፈታዊየ ረስሉላህ’’

*ጡፋይል ኢብን ዓምርን ኣብ እስልምና ምስኣተወ ኣረሱል  ሰ/ወ/ወ : ህዝቡ ዳዕዋ ንኽገብረሎም ለኣኽዎ::

*መቐጸልታ ናይ ገጽ* (1) *ታሪኽ  ኣቡ ሁሬይራ* (ኣልደወሲዩ)

ኣብዚ ጊዜ እዚ ኣቡ ሁረይ ኣብ ኢድ ጡፋይል ኣብ እስልምና ኣተወ :ብድሕር 6 ዓመት ሂጂራ እዩ ዝነበረ:

እዚ ኀበዝ ካብ ዓለት ኣልደወሲ (ኣቡ ሁረይራ) ኩሉ ነገር ገድፉ ንረሱል ሰ/ወ/ወ ንኽከድሞምን ስሕበት(ዓርኪ) ንኽኸውን ወሰነ:መስግድ ገዝኡ: ነቢይ ከኣ መምህሩን መራሕኡን ገበረ:  ኣብዚ ጊዜ እዚ ኣቡ ሁሬይራ ሓዳር ወይ ወላድ ኣይነበሮን ግን ብዕድመ ዝደፈኣት ኣደ ነበረቶ: ከምኡ ድማ ብሽርኪ ትምክሕቲ ዝነበራ : ምስ እዚ ኩሉ እንዳሃለወት እንኮላ ወዳ ዳዕዋ ይገብረላ ነበረ :ብርህራሄን ሠናይ ተግባር ንወላዲቱ :እሳ ግን ካብኡ ትሃድምን :ትጸርፎን ነበረት:: እሱ ግን ልቡ ብሑዙኑ ይገድፋ ነበረ ::

ሓደ ግዜ ድማ ከም ልማዱ ዳዕዋ’’ ኢማን ቢላህ ወቢ ረሱል’’ ምስ ገበረላ ዘሕዚንን ዘጉህን ሕማቅ ዘረባ ብረሱል ምስ ተዛረብቶ እንዳ በኽየ ናብ ረሱል ሰ/ወ/ወ: ከደ :: ካብኡ’’ኣረሱል ሰ/ወ/ወ :እንታይ የብክየካ ኣሎ ያኣባ ሁሬይራ’’ ? ኢሎም ሓተትዎ ይብል: ኣቡ ሁሬይራ ኣነ ነደይ ብሕማቅ ተዛሪበላ ኣይፈልጥን እየ ::ኩሉጊዜ ዳዕዋ ክገብረላ ትኣብየን :: ሎሚ መዓልቲ ድማ ዳዕዋ ገረላ ብኣኻ ዝጸልኦ ኣስሚዓትኒ :እሞ ድዓ ግበረላ ረቢ እታ ልባ ናብ መንገድ እስላም ክመርሓ ::ኣረሱል ሰ/ወ/ወ :ድማ ድዓ ገበሩላ ::

ኣቡ ሁሬይራ ይብል ናብ ገዛ ምስ ተመለስኩ እታ ማዕጾ ግፍትን ኢላ ጸነሐትኒ : ከምኡድማ ናይ ማይ ጨራዕራዕ ሰማዕኩ :ክኣቱ ኢለ ሃሰውሰው እዳበልኩ እንከለኹ ኣደይ ኢላትን ኣብ ዘለኻዮ ጽናሕ(ኣይትእቶ) ያ ኣባ ሁሬይራ: ድሕር ቁሩብ ምጽናሕ ክዳና ተኸዲና ኢላትኒ እቶ ኣትየ :: ’’በለት  ’’ ኣሽሃድ ኣና ኢላህ ኢለላህ ወኣሽሃድ ኣና ሙሓመድን ዓብዱሁ ወረሱል’’ ብቀጥታ  ናብ ረሱል ሰ/ወ/ወ :ተመልሰ’’ ኣነ ድማ በኺየ ብኩትር ሓጎስ ከምቲ ቅድሚ ሰዓት ዝበኸኩዎ ብኩትር ሓዘን ’’ ’’ ኣብሽር’’ያ ረሱለላህ’’ ድዓኻ ረቢ ተቀቢልዎ ኣደይ ረቢይ ኣህዲዋ ናብ እስላም ኣትያ ::

ኣብ ገጽ 8 ይቕጽል

**ታሪኽ ኣቡ ሁሬይራ.........**

ብድሕር እዚ ኣቡ ሁሬይራ ንረሱል ሰ/ወ/ወ.. እቲ ፍቲወቱ ኣዝዩ በርተዐ:: ኣቡ ሁሬይራ ንረሱል ሰ/ወ/ወ. . ርእዩ ኣይጸግበሙ ነበረ: ከምዚ ድማ ’’በለ’’ ዝበለጸን ዝመልከዐን ገጽ ርእየ ኣይፈልጥን በጀካ ናይ ረሱል ገጽ ከም ናይ ንግሆ ጸሓይ በረቅ ኮይኑ ይርኣየን እታ ጸሓይ ከም ኣብ ገጽ ትኸይድ ደላ ትመስል ::ኣቡ ሁሬይራ ብጣዕም ንረቢ የመስግን ነይሩ ረቢ ፈትዮለይ ስሕበት (ዓርኪ) ናይ ነቢ.ይ :ከምእውን ዲነይ ብምኽትታለይ :ከምዚ ዝስዕብ ይብል ነበረ::

*ኣልሓምድሊላህ ለዚ ሃዳ ኣባ ሁሬይራ ኣልኢ.ስላም *ኣልሓምድሊላህ ለዚ ዓለማ ኣባ ሁሬይራታ ኣልቁርኣን
*ኣልሓምድሊላህ ለዚ መናዓላ ኣባ ሁሬይራታ ብስሕበት መሓመድ ሰ/ወ/ወ.. የዘንቱ ዜድ እቢ.ን ሳብትይብል ኣነን ኣቡ ሁረይራን ሓደ ዓርከይን ኣብ መስግድ ኮይና ድዓ:ዝክር እንዳገበርና እንኮለና ረሱል ሰ.ወ.ወ መጽኦም ምሳና ኮፍ በሉ ሹዑ ኣንሕና ስቅ በልና ኣረሱል ሰ.ወ.ወ እሎምና ቀጽሉ ከምቲ ክትብልዋ ድጸናሕኩም :ኣነ ዓርከይን ድዓ ንገብር ኣረሱል ሰ.ወ.ወ.ኣሜን ይብል :ብድሕርኡ ኣብሁረይራ ድዓ ክገብርጀመረ’’ ኣላሁማ ኢ.ን ኣስኣሉካ ማሰኣለካ ሳሕቢ.ይ:’’ ’’ ወኣስኣሉካ ዒልማን ላይንሳ ’’ሓፈሻዊ ትርጉም:

ኣቡ ሁረይራ ይብል’’ኣንታ ጎይትይ ይሓተካ (ይሊ.ምነካ) እዚ ዓርከይ ዘይሓተተካ: ብድጋሜ እውን ይሓተካ ዘይርሳዕ ፈልጠት ሃበን

**አቡና ኣደም...........**

وَلا تقْربا هٰذِهِ الشجرةَ ወላተቐረባ ሃዚሂ ሸጀራታ *ሓፈሻዊ ትርጉም*
እዛ ኦም እዚኣ ግን ከይትቐርብዋ

فَتكُونا مِن
الظَالِمِين ፈተኩና ምናዛሊ.ሚ.ን - *ሓፈሻዊ ትርጉም*
እዚኣ ኦም እንተቐረብኩማ ግን ካብቶም ገበነኛታት ክትኮኑ ኢ.ኹም

( وإِذْ قُلْنا لِلْملائِكَةِ اسجدوا لآدم فَسجدوا إِلا
116إبِلِيس أبى )

ወኢ.ዝ ቁልና ሊ.ልመላኢ.ከቲ ስጁዱ ሊ.ኣደማ ፈሰጀዱ ኢ.ልላ ኢ.ብሊ.ሳ ኣባ - ሓፈሻዊ ትርጉም

በሉ ኣረሱል ሰ.ወ.ወ.ኣሜን ሽዑ ኣንሕና እልና ኣንሕና እንቶላይ ንደሊ. እና ዘይርሳዕ ፈልጠት እሎም ኣረሱል ሰ.ወ.ወ.በዚስ ቀድምኩም ጎበዝ ወዲ ዓሌት ኣደወስ (ኣቡ ሁረይራ) ኣቡ ሁረይራ ከምት ንነብሱ ዒልሚ ዝፈትዎ ንኻልኦት እውን ይፈትወሎም ነበረ ሓንት መዓልት ኣብ ሹቅ ናይ መዲና ምስ ወረደ እቲ ህዝቢ. ብኣድንያ ሸበድበድ ክብሉ ማለት ብምሻጥን: ብምልዋጥን ጠጠው እሉ ረኣዮም ከምዚ ዝስዕብ ድማ በሎም ’’እንታይ ኣድኪሙኩም ሕዚቢ. መዲና?’’ እሳቶም ድማ እሎም እንታይ ድኪመት ርእካልና ኣንታ ኣቡ ሁረይራ? ኣቡ ሁረይራ በለ’’ኣረሱል ሰ.ወ.ወ ’’ውርሻ’’ ይመቅል ኣሎ ዘገርም እዩ እስኩም ድማ ኣብዚ ኣለኩም ኣይትከድን ዶ ?ብጽሕቲኩም ንክትወስዱ ኣበይ እሎም ሓተቱ ኣብ መስጊድ ብቁልጡፊ ከይዶም ተመለሱ ኣቡ ሁረይራ ኣብቲ ቦታ ደው እሉ ጸንሐ ክሳብ ዝምለሱ ምስረኣይዎ እሎሞ ’’ኣንታ ኣቡ ሁረይራ ኣብ መስግድ ኣቲና ወላሓንት ኣይረኣናን ዝምቀል:እሊ.ዎም ኣብ መስግድ ዶ ? ሰብ ኣይረከብኩምን (ኣይረኣኩም) ዲኹም :እው ርእና ገሊ.ኦ ይሰግድ ገሊ.ኦ ይቀርኡ ገሊ.ኦም ኸኣ ይዘራረቡ (ይተሓታተቱ) ብሓራምን ሓላሊ.ን እሊ.ዎም ኣቡሁረይራ ’’ ወይለኹም ’’እሱ እዩ እቲ ’’ ውርሻ ’’ ኣረሱል ሰ.ወ.ወ.

*ካብ ሓፍቱኹም ፊላህ ፍዚ.ያ ሓሰን ኣማን*

*ኣላሁ ዓ/ወ ይብል ንመላኢ.ካታት ንኣደም ስገዱሉ ስግደት ናይ ኣኽብሮት ኢ.ልናዮም
ኩሎም ትእዛዝ እኽቢ.ሮም ሰጊዶም
*ሸይጣን ረብቢ. ይንዓሎ ግን ብሓሰድ ብትዕቢ.ት ትእዛዝ ጥሒ.ሱ ኣይሰግድን እየ ኢ.ሉ ኣብዩ

فَقُلْنا يا آدم إِن هذَا عدو لك ولِزوجِك

ፈቑልና ያ ኣደሙ ኢ.ንና ሃዛ ዓድዉን ለካ ወሊ. ዘውጂካ
*ሓፈሻዊ ትርጉም*
*ኣላህ ዓ/ወ ይብል ኦ ኣደም እዚ ነዓኻን ንሰበይትኻን ጸላኢ.ኹም እዩ ተጠንቐቐሉ
ኣብ ገጽ 9 ይቅጽል...

**ኣቡና ኣደም..............**

ከይትእዘዞ ኣብ ማዕሲያ ( ዘንቢ )
ከየውድቐካ
ሽይጣን ረብቢ ይንዓሎ እቲ ጽልኢ ካብ
መጀመርያ ኣቡና ኣደም ክፍጠር
እንኮሎ ኣትሒዙ እዩ ዝጀመሮ

**فَلا يخرجنكُما مِن الْجنةِ فَتشقَى 117 ) ፈላ**

**ዩኽርጃናኩማ ሚነል ጀንነቲ ፈተሽቓ**
ሓፈሻዊ ትርጉም
*ካብ ጀንና ከየውጻኣኩም: ምስ ወጻእኩም
ድማ ኣብ ሽግርን መከራን ከይትወድቑ

إِن لَكَ أَلا تَجوعَ فِيهَا وَلا تَعرَى 118 )

**ኢንናላካ ኣላ ተጁዓ ፊሃ ወላተዕራ**
*ሓፈሻዊ ትርጉም*
*ኣላሁ ዓ/ወ ይብል ነረጋግጸልካ ንስኻ
ካብዚኣ ጀንና ትበልዕ ኣይትጠምይን
:ትኽደን ኣይትዓርቕን ኢኻ :: *ኣቡና
ኣደም ከምኡውን ስትናሓዋ ኩዱናት
እዩም ነይሮም ዕርቓን ዝባሃል ርእዩም
ኣይፈልጡን

**وأنك لا تظمأ فِيها ولا تضحى**

ወእናካ ኣላ ተዝማኡ ፊሃ ወላ ተድሓ
ሓፈሻዊ ትርጉም
*ኣላሁ ዓ/ወ ይብል ንስኻ ኣብ ጀንና
ጽምኣት ይኹን ብቡርቱዕ ሙቀት ናይ
ጸሓይ ናይ ጎሮሮ ምንቃጽ
ኣይኽስማዓካን እዩ ሙሉእ ብሙሉእ
ምቾት ጽጋብ ድኻም ዘይብሉ ሽግር
ዘይብሉ ናብራ ኢኻ ኽትነብር::
*ኣላህ ዓ /ወ ንሽይጣን ረብቢ ይንዓሎ
ናብ ጀንና ንኽኣቱ ኣዘዘ :: ንኽወስውስ
ጥራይ እዩ ንኽቕመጥ ኣይኮነን ካብ ጀንና
ተሰጊጉ እዩ ነይሩ

فَوَسوَسَ لَهمَا الشيطَانُ ፈወስወሳ ላሁማ

ሽይጣን (ሓፈሻዊ ትርጉም)
*ሽይጣን ረብቢ ይንዓሎ ንኣቡና ኣደምን
ንስትና ሓዋ ከህርሮም ከህርፎም ጀመረ
እዛ ትሪእዋ ዘለኹም ኦም ካብኣ እንተ
በሊዕኩም ንዘልኣለም ነበርትን ነገስትን
ክትኮኑ ኢኹም: በዚኻኣ እዩ ረብቢ
ንኽይትበልዑ ካብኣ ዝከልከለኩም በሎ

**وقاسمهما إِني لَكُما لَمِن الناصِحِين 21 )**

**ወቃሰማሁማ ኢንኒ ለኩማ ለሚነ ናሲሒን**
(ሓፈሻዊ ትርጉም) * ሽይጣን ረብቢ
ይንዓሎ ንኽእምኖም ድማ ይምሕለሎም
ነበረ:: ከምእውን ይብል ኣነ ንዓኹም
ምኽረይ ይልግሰልኩም ኣለኹ::
ብምድፋፉእ ኣብ ዘይደለይዎ ዓዘቕቲ
ኣጥሓሎም ካብ ጡዑም: ምቾት ሓጎስ
ድኻም ዘይብሉ ናብራ ካብኡ ንላዕሊ
ዝርከብ የልቦን ግን ወዲሰብ ብቐሊል
ክታለል ዝኽእል ፍጥረት ምኻኑ ካብዚ
ክንርዳ ንኽእል

**فَلَما ذَاقَا الشجرةَ بدت لَهما سوآتهما ፈለማ**

**ዛቓ ኣሽጀራ በደት ለሁማ ሰውኣቱሁማ**
ሓፈሻዊ ትርጉም *ካብታ ኦም ምስ በለዑ
ክዳኖም ወደቐ ጥራዩም ኮኑ ዓረቑ ኣቡና
ኣደም ሓፈረ ከምእውን ስትና ሓዋ
ሓፈረት:: ሕፊረት (ሓያእ )ናይ ወዲሰብ
ተውህቦ እዩ ::
*ወዲሰብ ብዘይ ክዳን ጥራዩ( ዕርቓኑ)
ኽረኣ ኣይቕበሎን እዩ ካብ ኣቡና ኣደም
ጀሚርካ

**وطَفِقَا يخصِفَانِ علَيهما مِن ورق الْجنةِ**

**ወጠፊቓ የኽሲፋኒ ዓለይሂማ ሚን ወረቒል**
**ጀንናቲ**
ሓፈሻዊ ትርጉም *ዕርቓኖም ምስኮኑ
ብጣዕሚ ሓፊሮም ካብ ናይ ጀንና ቆጽሊ
እንዳ ቆሮጹ ሕፊረቶም ክኽድኑ ጀመሩ ::
*ሽይጣን ረብቢ ይንዓሎ ዕርቓኖም
ኽወጹን ንረብቢ ንኽዓስዩን እዩ ነይሩ
ድልየቱ *ኣቡና ኣደም ክጎዪ ጀመረ ኣብ
ሓዲስ ይሕብረና
*ኣላሁ ዓ/ወ ጸዊዕዎ ( ኦ ኣደም ካባይ
ትሃድም ኣለኻ ናበይ ክትክይድ ኢኻ)
*ኣቡና ኣደም ሙእሚን ስለ ዝነበረ
ኣይፋላይ ኣንታ ጎይታይ ክሃድም
ኣይኮንኩን ግን ሓፊረ ኣብዚ ዘለኹዎ
ኩነታት ክትርእየኒ ዑሩቕን ዘንበኛን ::
*ካብታ ኦም ንመጀመሪያ ዝበልዐት ስትና
ሓዋ እያ እሳ ኻኣ እያ ዘህረፈቶ ካብታ
ኦም ንኽበልዕ :: ስትና ሓዋ እንተዘይ
ተስሕቶ ነይራ ኣቡና ኣደም ኣብ ማዕሲያ
ኣይምወደቐን ነይሩ

ኣብ ገጽ 10 ይቕጽል...

ኣቡና ኣድም………..

**وناد١هما ربهما ألم أنهكُما عن تلكُما الشجرة**

*ወናዳ ሁማ ረቡሁማ ኣለም ኣንሃኩማ ዓን ቲልኩማ ሽጀራ ሓፈሻዊ ትርጉም* ኣላህ ዓ/ወ ንኣቡና ኣደምን ንስትና ሓዋ ጸዊዕዎም ኣይከልከልኩኹምን ዲየ ካብዛ ኦም እዚኣ ንኽይትበልዑ

)وأقُلْ لكُما إن الشيطانَ لكُما عدو مبين 22(

*ወኣቑል ለኩማ ኢና ሸይጣን ለኩማ ዓዱዉን ሙቢን* ሓፈሻዊ ትርጉም
*ኣላሁ ዓ/ወ ይብል ኣይበልኩኹምን ዶ ሸይጣን ጉሁድ ጸላኢኹም እዩ ሸይጣን ረብቢ ይንዓሎ ማዕሰያ ምስገበረ ተሃላሊኹ ኣብ ማዕስያ ቀጺሉ :: ኣቡና ኣደም ኣብ ማዕሲያ ምስወደቐ ግን ጌግኡ ፈሊጡ ኣስተቕፈረ ከምዚ ዝስዕብ እውን በለ قالا ربنا ظلمنا أنفُسنا *ቓላ ረበና ዘለምና ኣንፉሰና*

ሓፈሻዊ ትርጉም
ኣቡና ኣደምን ስትና ሓዋእ በሉ ነብስና ወጺዕና

)وإنْ لم تغفِر لنا وترحمنا لنكُونن من الخاسِرين 23(

ወኢን ለም ተቕፊርለና ወተርሓምና ለነኩነና ሚነልኻሲሪን
*ሓፈሻዊ ትርጉም* *ኣቡና ኣደምን ስትና ሓዋእ ይብሉ እንድሕር ዘይመሓርካና ዘይራህረህካልና ካብቶም ጡፉኣት ክንከውን ኢና :: *ኣላሁ ዓ/ወ ሓሪቑ እዚ ቀሊል ፈተነ እዩ ብሓንቲ ኦም ኣብ ማዕሲያ ክትውድቁ በለ ኣላሁ ዓ/ወ ሚሒሩዎም (ቀፊርሎም) ግን ቀጺዕዎም ዓቢይ ትእዛዝ ናይ ረቢ ( قالَ اهبِطوا بعضكُم لبعض عدو)

ቓላ ኣህቢጡ ባዕድኩም ሊባዕዲን ዓድዉን (ሓፈሻዊ ትርጉም)
*ኣላሁ ዓ/ወ በለ ካብ ጀንና ብሓባር ኩሉኹም ውረዱ ምስቲ ጸላኢኹም(ሸይጣን)

() ولكُم في الأرض مستقَر ومتاع إلى حين 24(

ወለኩም ፊል ኣርድ ሙስተቐሩን ወመታዑን ኢላ ሒን *ሓፈሻዊ ትርጉም*
*ኣላሁ ዓ/ወ በለ ኣብ መርየት ተቐመጡ ብምቑት ንበሩ ክሳብ ግዜ ሞትኩም قالَ

)فيها تحيونَ وفيها تموتونَ ومنها تخرجونَ 25(

*ቓላ ፊሃ ታሕዩን ወፊሃ ተሙቱን ወሚንሃ ቱኽረጁን* (ሓፈሻዊ ትርጉም)
*ኣላሁ ዓ/ወ በለ ኣብኣ (መርየት) ትነብሩ ኣብኣ ትቕበሩ ካብኣ ኻኣ የውመልሓሸር ትትስኡ ::
ንሕጂ ኣብዚ ንውድእ እንሸኣላህ ኣብ ቀጻሊ ጽሑፍና ብሰላም የራኽበና ካብ ሓፊቱኹም
ፎዚያ ሓሰን ኣማን

---

ፉልዳ በ……………

ኣብ መጨረሽታ ድማ ክንርስዖ ዘይግቦኣና
ቪዲዮ ብምቕራጽ ዝተሓባብሩና
ንሰላሰተ መዓልቲ ከየዕረፉ ደው ዝበሉ ኣብቂዲመና
ንመጽሒት ኣልዳዕዋ ጠቓሚ ጽሑፋት ዝልግሱ ኣሕዋትና
መጻሕፍት ገላቢጦም ተርጊሞም የቅርብዎ በቲ ዝርዳኣና
ረቢ ይሓግዝኩም ደሃይኩም ኣይተሓበኣና
እንሻኣላህ ድማ ኣብ ዝመጽእ ዶሎ ግዜና
ዝበለጸ ጻዕር ክነወፊ ረቢ ይሓግዘና
ኣቕራቢት ፎዚያ ሓሰን ኣማን

6.ዓመት……

ሓሙስ ለይቲ እቲ ቀዳማይ ኣስተምህሮ በቲ ንዕኡ ኢሎም ዝተዓደሙ መሻይኽ ድሕሪ ድራር ተኻየደ። ጅምዓት መብዛሕቶም ድሕሪ ሰላት ኣሱብሒ

ናብ መደቀሲኦም ከምርሖ ከለዉ መደባት መግቢ ዘሰላስሉ ዝነበሩ ኣባላት ግን ኣብ ምድላው ቁርስን ምሳሕን መሊሶም ተዋፈሩ።

ቅድሚ ሰላቱል ጁምዓ ድማ ብናይ ኣቆልዑት ሙንሽን (ሙኒኽ) ዝተዳለወ ትያትር ኣርካነል ኢስላም ዘርእስቱ ንዓበይትን ናኣሽቱን ከየሐጎሰ ኣይተረፈን::

ሰላት ናይ ጅምዓትውን እንተኾነ ልክዕ ከምቲ ኣብ ኩሉ መሳጊድ ብተገዳስነትን ውሕልነትን ተሰኒያ ተዛዘመት። ድሕሪ ሰላት ድማ ከምቲ ልሙድ ተሳተፍቲ

ናብ ቦታ ምሳሕ ብምምራሕ ተመሲሖም። ንምሸቱ ድማ ክቡራት መሻይኽ ኣብ ምሃብ ኣስተምህሮታቶም ብምቅጻል ብድሕሪኡውን ሕቶታት ተሳተፍቲ ብምምላስ

ኩሉ ብዝተዋህበ ኣስተምህሮ ዓጊቡ ናብ መደቀሲኡ ኣምረሐ። ቀዳም ካብ ኩለን መዓልታት ዝፈልያ እንተነበረ እቲ እስፖርታዊ ንጥፈታት ይኸውን።

ንመንእሰያትን ዓበይትን ቅድድም ጉያ ኮነ ክዕሶ እግሪ ተመዲቡ ስለዝነበረ ንኹሉ ብዘሳትፍ ኣገባብ ድማ ተሰላሰለ። እቶም መንእሰያትን ሕጻናትን ኣብ

ስፖርት ኮነ ኣብ መዳይ ምሕፋዝ ቁርኣን ጸብለልትነት ዘርእዩ ንምሸቱ ሽልማት ተዓደሎም። ብድሕሪኡ እውን ብሓው ዶክተር ኢብራሂም ዝተዋህበ ናይ ጥዕና ኣስተምህሮ ብሕልፊ ኣብ ናይ ሕማም ሹክርን ብዝሒ ደምን ዘሎ ጸገማትን ዘኸትሎ ሕማማትን ተጠንቂቅና ሕማምና ክንካታተል ከምዘሎና በቲ እንርደኦ ቃንቃ ክህበና ብምኽኣሉ ኣብት ኣስትምህሮ ተኻፊሎም ዝነበሩ ከይተጠቀሙ ኣይወጽኡን፤ ቀጺሉውን ክሳብ ዝወግሕ ብቶም መሻይኽ ኣስተምህሮ ድሕሪ ምሃብ መደብ 6ይ ዓመታዊ ርኽክብ ብሰላምን ብጽቡቅን ተዛዘመ።

## لعلك تتعظ يابن آدم ...

عاجلتك يا ابن ادم استعددت للموت ام المنية

يا ابن ادم خرجت من التراب وعدت الي التراب

بلا ذنب وعدت الي التراب خرجت من التراب
وكلك ذنوب

لتقضي فاذا ما انفض الناس عنك واقبل الليل
اول ليله صباحها يوم
القيامة

ليلة لا يؤذن فيها الفجر

لم يقل المؤذن يومها حي علي الصلاة

انتهت الصلاة

انتهت العبادات

ان الذي سايؤذن فجرها هو اسرافيل

ايتها العظام النخرة

ايتها اللحوم المتناثرة

### هل سالت نفسك يوماً ....؟؟؟

بسم الله الرحمن الرحيم

الموت وانت ميت...؟ ماذا يقول لك ملك

يا ابن ادم اتدري ماذا يقول لك ملك الموت وانت
خشبة الغسل ؟ نائم علي

ينادي عليك ويقول

يا ابن ادم اين سمعك ما اصمتك

اين بصرك ما اعماك

اين لسانك ما اخرسك

غيره اين ريحك الطيب ما
اين مالك ما افقرك

فاذا وضعت في القبر نادي عليك الملك

يا ابن ادم تركت الدنيا ام الدنيا تركتك

قومي لفصل القضاء بين يدي الله رب العالمين

ان الله يقول
ونفخ في الصور

فجمعناهم جمعا

ويقول ايضا

وحشرناهم فلم
نغادر منهم أحدا

عندما يقبل عليك ليل اول يوم في قبرك

مالك الملك وملك الملوك يقول لك ينادي عليك

يا ابن ادم رجعوا وتركوك في التراب

دفنوك ولو ظلوا معك ما نفعوك

و لم يبق لك الا أنا الحي الذي لا أموت

يا أبن آدم من تواضع لله رفعه الله ومن تكبر وضعه

عبدي اطعتنا فقربناك

وعصيتنا فأمهلناك

ذلك قبلناك ولو عدت الينا بعد

اني والأنس والجن في نبأ عظيم

أخلق ويعبد غيري

أرزق ويشكر سواي

خيري الي العباد وشرهم الي صاعد

اليهم بنعمي و أنا الغني عنهم اتحبب

و يتباغضون عني بالمعاصي وهم افقر شئ الي

من عاد منهم ناديته من قريب

ومن بعد منهم ناديته من بعيد

أهل الذكر أهل عبادتي

أهل شكري أهل زيادتي

أهل محبتي أهل طاعتي

أهل معصيتي لا اقنطهم من رحمتي

فان تابوا فأنا حبيبهم فاني
أحب التوابين وأحب المتطهرين

وان لم يتوبوا فأنا طبيبهم

أبتليهم بالمصائب
لأطهرهم من الذنوب
والمعاصي

وأزيد الحسنة عندي بعشر أمثالها

والسيئة بمثلها و أعفوا

أنا أرأف بعبادي من الأم بولدها
أسأل الله لي ولكم وحسن الخاتمة والثبات
مع تحياتي لكم
منقول من مجموعات ياهو



## ***Der weise junge Muslim***

Abu Yousuf

Vor vielen Jahren während der Zeit der Tabi'in, (die den Sahaba folgende Generation von Muslimen) war Bagdad die große Stadt des Islam. In der Tat, es war die Hauptstadt des islamischen Imperiums, aufgrund der hohen Anzahl Gelehrter die dort lebten. Es war das Zentrum des islamischen Wissens.

Eines Tages, sendete der Führer von Rom einen Abgesandten nach Bagdad, mit drei Herausforderungen an die Muslime.
In der Stadt angekommen informierte der Abgesandte des römischen Führers, den damaligen Kalifen, dass er drei Fragen habe, und die Muslime dazu auffordere diese zu beantworten.

Der Kalif versammelte daraufhin alle Gelehrten der Stadt, und der römische Abgesandte stieg auf eine hohe Plattform und sagte: „Ich bin mit drei Fragen gekommen. Wenn ihr diese beantworten könnt, dann werde ich großes Maß an Reichtum zurücklassen, welches ich vom römischen König mitgebracht habe."
Was die Fragen betrifft, waren es folgende:
„Was war vor Allah?"
„In welche Richtung blickt Allah (ist sein Blick gerichtet)?"
„Womit ist Allah in diesem Augenblick beschäftigt?"

Die große Versammlung von Menschen war still. (Könnt ihr euch Antworten auf diese Fragen vorstellen?)
In der Mitte dieser hervorragenden Gelehrten und Schüler des Islam, war ein Mann mit seinem jungen Sohn, der dem Ganzen zusah.
„O mein lieber Vater! Ich werde ihm antworten, und ihn zum Schweigen bringen!" sagte der Junge.
Also bat der Junge den Kalifen um Erlaubnis zu antworten, und er bekam die Zustimmung dies zu tun.

Der Römer sprach nun den Jungen an, und stellte ihm seine erste Frage: „ Was war vor Allah?"
Der Junge fragte ihn: „Weißt du wie man zählt?"
„Ja", sagte der Mann.
„Dann zähle von zehn abwärts". Also begann der Römer abwärts zu zählen „ 10, 9, 8 ..." bis er die Zahl eins erreichte und aufhörte zu zählen.
„Aber was kommt vor 1?", fragte der Junge.
„Da ist nichts vor Eins- das ist es!" sagte der Mann.
„Also dann, wenn es vor der arithmetischen „1" nichts gibt, wie kannst du dann erwarten, dass es etwas vor dem „Einen", welcher die absolute Wahrheit ist, dem Ewigen, dem Immerwährenden, dem Ersten, dem Letzten, dem Offenkundigen, dem Verborgenen, gab?"

Nun, war der Mann überrascht über diese Antwort, welcher er nichts entgegenbringen konnte. Also fragte er: „Dann erzähl mir, in welche Richtung blickt Allah?"
„Bring eine Kerze und zünde sie an!", sagte der Junge, „und dann sag mir in welche Richtung die Flamme blickt!"
„Aber, die Flamme ist nur Licht, es breitet sich in jede der vier Richtungen aus. Norden, Süden, Osten und Westen. Es blickt nicht nur in eine Richtung", sagte der Mann, verblüfft.
Der Junge weinte, „Dann, wenn dieses physikalische Licht in alle 4 Richtungen strahlt, und du mir nicht sagen kannst, in welche Richtung es blickt, was erwartest du dann von Nur-us-Samawati-wal-Ard: Allah ist das Licht der Himmel und der Erde!? Licht über Licht!" (24:35)
Allah sieht alle Richtungen, jederzeit."

Der Römer war verblüfft, dass es einen Jungen gab, der die Fragen auf eine solche Art und Weise beantwortete, dem er nicht widersprechen konnte.
Also, versuchte er verzweifelt seine letzte Frage zu stellen. Bevor er dies tun konnte, sagte der Junge:
„Warte! Du bist derjenige, der die Fragen stellt, und ich bin derjenige, der die Antworten gibt. Es zeugt nur an Gerechtigkeit, dass du hierher herabsteigen solltest wo ich stehe, und dass ich dorthin aufsteige wo du jetzt stehst, damit die Antworten auch, wie die Fragen, von allen klar gehört werden können."

Dies erschien dem Römer vernünftig, also stieg

er runter von der Plattform, und der Junge stieg hinauf.

Danach wiederholte der Mann seine letzte Frage: „Sag mir, womit ist Allah in diesem Moment beschäftigt?“
Der Junge antwortete stolz: „In diesem Moment, als Allah (swt) hier auf der Plattform einen Lügner und Spötter des Islam fand, veranlasste er ihn abzusteigen und erniedrigte ihn. Und was jenen betrifft, der an den „Einzigen“ Allah glaubt, Er erhöhte ihn und brachte die Wahrheit hervor.
Er ist tagtäglich in jeglichem Einsatz (55:29)!“

Dem Römer blieb nichts anderes übrig, außer die Stadt zu verlassen und besiegt zurückzukehren in seine Heimat.

Was den Jungen betrifft, dieser wuchs heran und wurde einer der bekanntesten Gelehrten des Islam. Allah, der Erhabene, segnete ihn mit besonderer Weisheit und mit Wissen der Religion.
Sein Name war Abu Hanifa (rahmatullah’alayh), heutzutage bekannt als Imam-Adham, ein bekannter Imam und Gelehrter des Islam.

"Manâqib Abî Hanîfah" übersetzt aus dem Englischen.



# Kinderseite

## Qabil und Habil

Adam und Hawwa wohnten auf der Erde und lebten von dem, was sie von ihren Feldern ernteten oder in der Wildnis sammelten. Sie hatten zahlreiche Söhne und Töchter. Sie erzählten ihnen von Allah, der die Welt erschaffen hat, und von dem schönen Garten in dem sie einst gewohnt hatten.
Adam überbrachte seiner Familie Allahs Offenbarung. Er lehrte sie zu beten und von ihrer Habe Opfer zu bringen. Er warnte sie auch vor dem Teufel, der ihr ständiger Feind war. So wuchsen die Kinder auf und hatten selbst Kinder, und wurden, ein großes Volk. Unter Adams Söhnen gab es einen, der Qabil hieß, und einen, der Habil hieß. Sie bestellten den Acker und hielten die Schafe. Jahr für Jahr zur Erntezeit brachten sie Allah ein Opfer. Allmählich aber sah Qabil die Arbeit als eine Art Wettstreit an und schaute mit neidischen Augen auf die Erfolge seines Bruders. Neid und Eifersucht aber sind Gedanken, die vom Teufel kommen. Sie verfinsterten das Herz und vergifteten die Seele, und ehe man sich versieht, bringe er sie böse Taten mit sich. Einst war es wieder Erntezeit, und die Brüder opferten einige Tiere und Früchte von ihren Feldern. Allah nahm Habils Opfer an, weil dieser ein reines Herz hatte. Aber Qabils Opfer nahm Er nicht an. Da verwandelte sich Qabils Neid in überschäumenden Hass, und er schrie seinen Bruder an: "Umbringen werde ich dich!" Sie waren weit draußen auf dem Feld, wo kein Mensch sie hören konnte. Habil erwiderte: "Selbst wenn du mich hier tötest, werde ich mich doch nicht wehren, damit ich nicht aus Versehen dich töte, denn ich fürchte Allah. Wenn du mich tötest, lädst du meine Fehler auf dich." Aber nicht einmal diese Worte konnten Qabil zu Verstand bringen, und er erschlug seinen eigenen Bruder. Da lag Habil tot auf der Erde, und Qabil stand wie betäubt daneben und begriff langsam, was geschehen war: dass sein Bruder da lag und nie wieder aufstehen und sein Gefährte bei der Arbeit sein würde, dass er selbst ihn getötet hatte. Er wusste nicht, was er tun sollte, ja nicht einmal, wie er den Leichnam seines Bruders vor den Geiern und Hyänen verstecken konnte. Da kam auch schon ein Rabe angeflogen.... Doch der Rabe fing nicht etwa an, von dem Leichnam zu fressen, wie es Raben manchmal tun, sondern scharrte mit seinen Krallen ein Loch in die Erde, wobei er immer wieder zu Qabil hinüberschaute. Endlich verstand dieser. Der Rabe war gekommen, um ihm zu zeigen, wie man ein Grab für den Toten gräbt. Qabil schämte sich sehr und rief aus: "Wie elend bin ich, dass ich dies von einem Raben lernen muss!"
Qabil begrub Habil, dann ging er fort. Die Menschen hatten Angst vor ihm und gingen ihm aus dem Weg. Er selbst aber bereute seine Tat und wünschte, er hätte niemals neidische und eifersüchtige Gedanken in seiner Seele wachsen lassen. Einen unschuldigen Menschen zu töten ist ein schweres Verbrechen. Wer einen Menschen tötet, ist wie einer, der die ganze Menschheit getötet hat. Wer aber einem Menschen das Leben rettet, ist wie einer, der der ganzen Menschheit das Leben gerettet hat, wie es auch im Quran steht.
Vom Denkmal Ausgabe 29

***<u>Gis. P.O.Box,101344,  42103  Wuppertal</u>***



